ሓፈሻዊ ሓበሬታ

ቤት-ንባብ ንዝኮነ እትደልይዎ ዘበለ ሓበሬታ ዝርከበሉ ምንጭ ፍልጠት እዩ።ንምርምርን ፍልጠትን ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ንዓብነት ባሕላዊ፣ስነ-ፍልጠታዊ፣ቁጠባዊ፣መሰል ናጽነትን ውልቃዊ ፍልጠትን ዕብየትን፣ዲሞክራሲያዊ መሰለትን ክብርታትን ወዘተ እትፈልጡን እትምሓረሉን እትውከሰሉን እዩ።

ቤት-ንባብ እንታይ ክሕበኒ ይክእል፧

ኣብ ሸወደን ዘለው ኩሎም ከተማታት ቤት-ንባብ ኣለወን።እቲ ዓውራ ነገር ኩሉ ሰብ ተጠቃሚ ቤት-ንባብ ክከውን እዩ።ቤት-ንባብ መጽሓፍቲ ጥራይ እትረክበሉ ዘይኮነስ ፊዲዮ-ፊልም፣ጋዜጣታት፣መጽሔታት፣ኮምፒውተር ወዘተ ዘጠቓልል እዩ።

ኩሉ ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ንቤት ንባብ ክጥቀም ይክእል።ንሕጻናት ዝከውን ምርኢትን ትያትርን ተዳልይሉም ኣሎ።ኣካለስንኩላን ፍሉይ ኣገልግሎት ክረክቡ ይክዕሉ፣ማለት መጽሓፍቲ ኮነ ካልዕ ዝደልይዎ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ከምዝረክቡ ይግበር።ነዚ ዕማም ዝተዳለወ እቶቡስ ድማ ኣሎ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ሕዝባዊ ቤት-ንባብ

ብድሓን ክትመጹና ትምኒትና እዩ።ኩሉ ኣገልግሎት ብናጻ እዩ።ጋዜጣታት፣መጽሔታት፣መጽሓፍቲ፣ናይ ጽንተርኔት-ኮምፒውተር ኣገልግሎት፣ፊልም፣ሲዲ-መጽሓፍቲ፣ናይ ሓበሬታ ሓገዝ ወዘተ ኣገልግሎት ትረክቡ።

ናይ ቤት-ንባብ ታሴራ

ናት ቤት-ንባብ ታሴራ ንዝጻፈፈን ስሉጡን ኣገልግሎት ይጠቅም።መጽሓፍቲ፣ፊልምታት፣መጽሔታት ወዘተ ክትልቅሓሉ ትክእል።ናይ ቤት-ንባብ ታሴራ ኣገዳሲ መንነት እዩ፣ንኩሉ መሰላትን ግዴታትን ድማ ክጠቅም ይክዕል።

## ኮምፒውተር

ኣብ ቤት-ንባብ ዘለው ኮምፒውተራት ንኣገልግሎት እተዳለው እዮም።ተጠቃሚ በቲ ዝጠለቦ ጊዜ ክጥቀመሉ ይክዕል።ከምእውን መጽሓፍቲ ኮነ ካልኦት ነገራት ክትልቅሓሉ ትክዕል።

## ኣጠቓቕማ ኮምፒውተር

ዘይስነ-ምግባራዊ ነገራትን ካልኦት ኣብ ሸወደን ዝተከልከሉ ነገራት ምጥቃም ኣይፍቀድን።ነፍስ-ወከፍ ተጠቃሚ በቲ ዝመደቦ ጊዜ መሰረት ነቲ ሪጋ ድጽበይ ሰብ ይገድፈሉ።ኣገልግሎት ኮምፒውተር ብናጻ ኮይኑ ንተጠቀምቲ ፐሪንቲንግ ግና ክፍሊት ከምዘሎ ንሕብር።

## ለበዋ

ኣብ ቤት-ንባብ ጸጥታን ሰላምን ክሕልው ይግባዕ መታን ተጠቀምቲ ከይርበሹ።ስለዚ ብክብረትኩም ሞባይል ቴሌፎንኩም እጸውዎ፣ ብተወሳኺ ድማ ትሑት ድምጺ ተጠቀሙ።ንቖልዑት ንበይኖም ገዲፍክዎም ኣይትኺዱ።